**ዞባ ሻፋውዘን**
**ኽፍሊ ትምህርቲ**
Herrenacker 3
CH-8200 Schaffhausen
www.sh.ch

ቁጽሪ ተ.   +41 52 632 71 95ክ
patrick.strasser@sh.ch

ክፍሊ ትምህረት፣ ሰክረተርያት____

ናብ ኩሎም ወለዲ ተምሃሮ 6 ክፍልን ማእከላይ ደረጃ I

ሻፋውዘን, 19. ነሓሰ 2021

**ክታበት ንመንእሰያት ካብ 12 ዓመት ንላዕሊ**

ዝኸበርኩም ወለድን ሓላፍነት ምእላይ ቆልዑን ዘለኩም

ዓመተ ትምህርቲ 2021|22 ጀሚሩ ኣሎ ከምኡውን ንብዙሓት ቆልዑ ድማ፣ ናብቲ ልሙድ ሂወቶም ክምለሱ እቲ ዝዓበየ ሃረርትኦም እዩ። እንተኾነ ግን ብምኽንያት ዘሎ ኩነታት ምሉእ ብምሉእ፣ ኣብ ንቡር ክምለስ ኣይክእልን እዩ። ለብዒ ኮሮና ንሂወትና ብከቢድ ጸልይዎ እዩ፣ ከምኡውን ነዘን ዝመጻ ሰሙናት ለብዒ ኮሮና ክጸልዎ እዩ።

ከምቲ ብዕለት 8 ሓምለ 2021 ካብ ናይ ዞባዊ ሓኪም ኣገልግሎት ብመንገዲ ደብዳቤ ኣቢሉ ሓበሬታ ከምዝተዋህበኩም (እቲ ደብዳቤ ብናይ ክፍሊ መምህራን ንደቅኹም ዝተዋሕበ እዩ)፣ እቲ ሓበሬታ ከምዚ ይብል፣ ማእከላይ ደረጃ 1ን ኣብ ገለገላ ናይ መባእታ ቤትትምህርታትን ሰሙናዊ መርመራታት ናይ ኮሮና ክግበር ከም ዝኾነ ዝገልጽ እዩ።

ክታበት ኮቪድ-19 ምውሳድ፣ ናብ ንቡር ህይወት ንምምላስ ዝግበር ካልእ ኣገዳሲ ስጉምቲ ኢዩ። ክሳብ ሕጂ ዓበይቲ ጥራይ ናይ ኾሮና ቫይረስ ክታበት ክወስዱ ይኽእሉ ነይሮም፣ ድሕሪ ዓሚቕ መርመራ ናይ ስዊዝ፣ እቲ ክታበት ንመንእሰያት ካብ 12 ክሳብ 15 ዝዕድሚኦም ነጻ ተዋሂቡ። እቲ መጽናዕቲ ኣብ ዝተፈላለየ ኽሊ ዕድመ ዝርከቡ ጉጅለታት ተኻይዱ- እንተላይ ኣብ ኣባጽሕ። እቲ ክታበት ውሕስነት ኣለዎ፣ ብደሓን ስለ ዚዓዪ፣ በዚ ምኽንያት ኣብ ስዊዘርላንድ ተቐባልነት ረኺቡ።

እቲ ክታበት ብወለንታ ዝውሰድ እዩ። ንስኹም ከም ወለዲ መጠን ብዛዕብኡ ሕቶታት ክትሓቱ ትኽእሉ፣ ክታበት ንውላደይ ኣገዳሲ ድዩ ኣይኮነን እንዳበልኩም ንርእስኹም ክትሓቱ ኢኹም። ኩነታት መነባብሮኹም ኣብ ገዛ ከመይ ይመስል፧ ምስ ጥዕና ናይ ውላድኩምከ ከመይ ይኸይድ፣ ሰባት ኣብ ከባቢ ስድራቤቶም ከመይ እዮም ዘለዉ፧ ኣብ መዓልታዊ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ሞያዊ ቦታታት`ከ ኸመይ ይመስል፧

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበት ንመንእሰያት ካብ 12 ዓመት ንላዕሊ ኣብ ትሕቲ Informationsportal des Bundesamtes für Gesundheit BAG ከምኡው ኣብ BAG-Merkblatt ኣቲኹም ረኣዩ። ብፍላይ ንመንእሰያት\ ኣባጽሕ እተዳለወ: www.bag-coronavirus.ch/impfung/wieso-impfen




እቲ ብተደጋጋሚ ዚሕተት ሕቶታትን መልስታቱን ዝሓዘ ወብ ሳይታት Website des BAG ብዛዕባ ክታበት ዚገልጽ ተወሳኺ ሓበሬታ ይህብ: https://tinyurl.com/faq-bag

ነቶም ቅሩባት ዝኾኑ ህዚቢ (ካብ 12 ዓመት ንላዕሊ) ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣብዘን ኣብ ታሕቲ ተገሊጸን ዘለዋ መዓልታት ብዘይ ምዝገባ፣ ኣብ ማእከል ክታበት ቻሎተንፈልስ (Charlottenfels) ክታበት ክትወድዱ ከም ትኽእሉ ክንሕብረኩም ንፈቱ። (Walk-In Angebot):

→ ነፍሲ ወከፍ ሰሉስ ክሳብ ዕለት 31.ነሓሰ 2021፣ ካብ ሰዓት 17.00 ክሳብ 20.00

→ ነፍሲ ወከፍ ዓርቢ ካብ ዕለት 13ነሓሰ ክሳብን ምስን ዕለት 27. ነሓሰ 2021፣ ካብ ሰዓት 14.00 ክሳብ 20.00

ኣብዚ ቐረባ ግዜ እውን ናይ ተሌፎን ቈጸራ (ትሕቲ 052 632 65 57) ክግበር ይከኣል ኢዩ!

ስለቲ ዝገበርኩምለይ ዓብዪ ቔራጽነትን ደገፍን የመስግነኩም፣ ንዓኹምን ንደቅኹምን ዕዉት ዝኾነ ሓድሽ ምጅማት ዓመተ ትምህርቲ ክገብረልኩም ይምነ።

ምስናይ ሰላምታ

ዞባ ሻፈውዘን
ክፍሊ ትምህርቲ
Der Vorsteher:

ፓትሪክ እሽትራሰር, ኣማሓዳሪ በዓል መዚ